AGENTSCHAP
**INTEGRATIE &**
**INBURGERING**

**COVID-19 | Maatregelen | 20/08/2020**

**TIGRINYA | Vertaald uit het Nederlands**

## ስጉምትታት 20 ነሓሰ

## መእተዊ

እዚ መንግስቲ ኮሮና ቫይረስ ንምእጋድ መምሪሕታት ኣለዎ:: እቲ መምሪሕታት ኣኽብሮም:: ንስኻ ኣይትሓምምን ንካልእ ሰብውን እይትሕምምን:: ፓሊስ ነቶም መምሪሕታት ምኽባርካ ይከታተል::

ኣስተውዕል: ሓደ ሓደ ከተማታት ወይ ምምሕዳራት ተወሳኺ መምሪሕታት ኣለወን:: ናይተን ከተማ ወይ ናይ ምምሕዳር መርበብ (ወብሳይት) ርአይ::

## ተለምዶ ሕግታት

- እንተሓሚምካ ኣብ ገዛካ ኮፍ በል
- ደጋሚምካ እድካ ብማይን ሳሙናን ተሐጸበ።
- እንተወሐደ 1.5 ሜትር ካብ ካልእ ሰብ ርሐቅ።
- ሐንቲ ስድራ ቤት ( ወይ ሐቢሮም ዝነብሩ ኩሎም) እንተበዝሖ ምስ 5 ሰባት ክትራከብ ከምትክእል። ኩሉ ግዜ ንሳቶም ጥራይ እዮም
- 1.5 ሜትር ርሕቀት ከተኽብር ትክእል ዶ? እንተኺልካ እንተበዝሖ ምስ 10 ሰባት ምቅስቃስ ክትገብር ከምትክእል, ንምሳሌ ክትዛወር, ብብሽግለታ ምካድ
- ህዝቢ ዘለዎ (ኣብ ምምሕዳር, ድካን, ሹቅ, ሲነማ, ቤተ መጽሐፍቲ, ባቡር, ኣውቶቡስ...) ዲኻ ዘለኻ? ካብ 12 ዓመት ንላዕሊ ድዩ ዕድመኻ? መሸፈኒ ክትገብር ኣለካ። ኣብ ሐደ ሐደ ቦታታት ናይ ግድን እዩ
- ኣብ ካልእ ቦታ እንተሊካን 1.5 ሜትር ርሕቀት እንተዘይኪልካ? ኣፍ መሸፈኒ እንተገበርካ ይሐይሽ
- ኩሉ ግዜ ኣፍ መሸፈኒ ሒዝካ ኪድ

## ናብ ካልእ ከተማ ወይ ሃገር ምካድ

- ኣብ በልጅም
  - ኣብ በልጅም ናብ ዝደለካዮ ቦታ ክትከይድ ትክእል
  - ህዝባዊ መጎዓዓዝያ ( ኣውቶቡስ, ትራም, ወይ ባቡር) ትጥቀም ዲኻ? ካብ 12 ዓመት ንላዕሊ ድዩ ዕድመኻ? እምበአር ኣፍካን ኣፍንጫካን ብኣፍ መሸፈኒ ወይ ብሻል ሸፍኖ
- ንዕረፍቲ ናብ ወጻኢ
  - ንኣብ ኣውሮፓ ሕብረት ዘለዋ ሃገራት, ከምኡውን ንዓዲ እንግሊዝ ( ዓባይ ብርጣንያ), ንሲዊዘርላንድ, ንሊንሽታይን, ንኣይስላንድ, ንኖርወይ ክትከይድ ይከኣል
  - ወጻኢ ሃገራት ነናተን መምሪሒታት ኣለወን። መምሪሒታተን ኣብ ዝቅጽል መርበብ ( ወብሳይት) ይርከብ https://diplomatie.belgium.be/nl/Diensten/Op_reis_in_het_buitenland/reisadviezen
  - ቅድሚ ንበልጁም ምምላስካ ቅጥዒ/ፎርም ክትመልእ ኣለካ። እቲ ፎርም ትረክበሉ: https://travel.info-coronavirus.be/public-health-passenger-locator-form.
  - ሰለስተ ዓይነት ዞን/ኣከባቢ ኣሎ
    - ናብ ቀጠልያ ዞናት ንምጋሽ ትክእል:: ዘፍርሕ የብሉን
    - ናብ ቀይሕ ዞናት ምጋሽ ኣይትክእልን::
    - ናብ ብጫ ዞናት ካብ ምጋሽ ክትቁጠብ ይምከር

Vlaanderen
is divers

ናይ ወጻኢ ጉዳያት መርበብ (ወብሳይት) ርአይ: https://diplomatie.belgium.be.

- አብ ቀይሕ ዞባ/አከባቢ ዲካ ነይካ? ንበልጁም ምስተመለስካ ናይ ግድን እዚኤን 3 ነገራት ክትገብር አለካ:
    - ናይ ግድን ክትዉሸብ/ተፈሊካ ክትነብር አለካ። ቀልጢፍካ ክትምርመር አለካ። ሐኪምካ ርከቦ።
    - አብ ገዛካ ኮፍ በል። ናይ ግድን እንተድአ ኮይኑ እዩ ንደገ ትከይድ። ንምሳሌ ናብ ቤት መድሐኒት, ናብ ሐኪም ወይ ናብ ሱፐር ማርከት ንምካድ። ኩሉ ግዜ አፍ መሸፈኒ ግበር
    - አብ ገዛካ ካልእ ሰብ አይትእቱ
- አብ ብጫ ዞባ/አከባቢ ዲካ ነይካ? ንበልጁም ምስተመለስካ እዚኤን 3 ነገራት ክትገብር አለካ:
    - ክትዉሸብ/ተፈሊካ ክትነብር ይምረጽ። ቀልጢፍካ ክትምርመር አለካ። ሐኪምካ ርከቦ።
    - ናይ ግድን እንተድአ ኮይኑ እዩ ንደገ ትወጽእ። ንምሳሌ ናብ ቤት መድሐኒት, ናብ ሐኪም ወይ ናብ ሱፐር ማርከት ንምካድ። ኩሉ ግዜ አፍ መሸፈኒ ግበር
    - አብ ገዛካ ካልእ ሰብ አይትእቱ

## ስራሕ

- ዝከአል እንተኮይኑ ካብ ገዛካ ስራሕ
- ንክትሰርሕ ንስራሕካ ክትከይድ አለካ? ዘስርሐካ እቲ 1,5 ሜትር ርሕቀት አብ ሞንጎ ሰባት ከረጋግጽ አለዎ። እንተዘይ ተካኢሉ? ካብ ዘስርሐካ አፍ  መሸፈኒ  ይወሃበካ።
- ሕቶ እንተሊካ? ሐበሬታ ካብ ዘስርሐካ ትረክብ።

## ዱካናት

- ኩሎም ዱካናት ኩፉታት እዮም። ከምኡውን ሹቃት ክፉት እዮም
- 2 ሰባት ብሐንሳብ ምዕዳግ ከምዝከአል
- አብ ሽቁን አብ ውሽጢ ዱካናትን አፍ መሸፈኒ ክትገብር አለካ። ናይ ግድን እዩ
- ናይ ለይቲ ዱካናት ክሳብ ምሸት ሰዓት 22 ኩፉታት እዮም
- ናብ ቀምቃማይ ወይ ጽባቀ ኪኢላ ምካድ ይከአል
    - ቆጸራ ክትገብር ናይ ግድን እዩ
    - አፍ መሸፈኒ ክትገብር አለካ

## ካፈን ቤት ምግብን

- ካፈን ቤት ምግብን ክሳብ ለይቲ ሰዓት 1 ተከፊቶም ይጸንሑ
    - ቅድሚ ምካድካ  ቦታ ክትሐዘልካ ምግባር ዝሐሸ  እዩ
    - ናብ ካፈ ወይ ንቤት ምግቢ ምስ ስድራካን ( ወይ ምስ ሐቢሮሙካ ዝነብሩን) ምስቶም ቀዋሚ 5 ትረክብዮም ጥራይ ምካድ ይከአል።
    - አብ ጠረበዛካ አከባቢ ኮፍ በል።
    - አፍ መሸፈኒ ክትገብር አለካ። ናይ ግድን እዩ። አብ ጠረበዛካ አከባቢ ዲካ ዘለካ? ኮፍ ኢልካ እንተሊካ አፍ መሸፈኒ ክትገብር አይትግደድን።
    - አድራሻካ ትሀብ

## ሐበራዊ ርክብ

- ሐንቲ ስድራ ቤት ( ሐቢሮም ዝነብሩ ኩሎም) እንተበዝሔ ምስ 5 ሰባት ክትራከብ ከምትክእል። ኩሉ ግዜ ምስአቶም ጥራይ ከምዝከውን
- 1.5 ሜትር ርሕቀት ከተክብር ትክእል ዶ? እንተኪልካ እንተበዝሔ ምስ 10 ሰባት ምቅስቃስ ክትገብር ከምትክእል, ንምሳሌ ክትዛወር, ብብሽግለታ ምካድ

## ምንቅስቓስ

- አባል ስፓርት ክላብ ዲካ? እንተበዝሔ ምስ 50 ስፓርት ትገብር።

- አብ ፊትነስ ወይ አብ ስፖርት ክላብ ወይ አብ መሐንበሲ ስፖርት ምግባር ይከአል
- ናብ ሶና ወይ ጽባቐ ዱካናት ምካድ ይከአል

## ነጻ ግዜ

- ኩሉ ክፉት እዩ; ንምሳሌ ቤተ መጻሕፍቲ, ፕረት ፓርክ, አብ ውሽጢ ዝርከብ መጻወቲ ቦታ ወይ ካሲኖ
- ናብ ዝተዳላዊ ሕጋዊ ዝግጅት; (ንምሳሌ ናብ ገጠር በዓል, ስፖርት ዉድድር, ባህላዊ ዝግጅት) ክትከይድ ዲካ? ብዝሒ ዝርከቡ ሰባት ይፍለጥ
  - ዉሽጢ አብ ዝግበር እንተበዝሐ 200 ሰባት ይርከቡ:: አብ ወጻኢ አብ ዝግበር እንተበዝሔ 400 ሰባት ይርከቡ::
- ድርጅታት ነናተን መምሪሒታት አለወን። ናይተን ድርጅታት ወብሳት ( መርበብ) ተመልከት
- ቆልዑ ናብ ካምፕ ምካድ ይክእሉ
- አፍ መሸፈኒ ክትገብር አለካ። አብ ታሕቲ አብ ዝተጠቅሳ ቦታታት ምግባር ናይ ግድን እዩ:
  - አብ ዱካናትን ብዙሕ ዱካናት ዘለዎ ቦታ
  - ብዙሕ ዱካናት ዝርከበሉ ጎደናታት
  - ብዙሕ/ጻዕቂ ሰብ ዘለዎ ቦታ
  - ህዝባዊ ህንጻታት
  - ሹቃት
  - ህዝባዊ መጎዓዝያ
  - አብ ቤተ መጻሕፍቲ,
  - ሲነማ,
  - ሙዚያ,
  - ቲያትርን ኮንሰርትን አኼባታት አድራሻታት
  - ከርመእስ
  - ቤት ሃይማኖታት
- ናብ ዝቅጽል ቦታታት እንተከድካ አድራሻካ ትሀብ:
  - ጽባቀ ድካናት
  - ስፖርታዊ ትምህርቲ አብ ክላብ
  - መሔንበሲ
  - ካሲኖ
  - በዓላትን ግብጃ ዝግበረሉ አዳራሻታት

## አየኖት እዮም ሕጂውን ዘይከአሉ

- ዲስኮታት ወይ ለይቲ ክላባት ሕጅዉን አይከፈቱን
- በዓላት አይግበሩን

## ሃይማኖት

- ሃይማኖታዊ ስነ ስርዓታት ይከናወኑ
  - እንተበዝሔ 100 ሰባት ይርከቡ።
  - አከላዊ ርክክብ አይፍቀድን
  - አፍ መሸፈኒ ክትገብር አለካ። ናይ ግድን እዩ
- አብ ቀብሪ ሰብ ምቅባል ከምትክእል::
  - ካብ 50 ሰባት ንላዕሊ ክርከቡ አይክእሉን::

## መውዓሊ ቆልዑን ቤት ትምህርትታት

- መውዓሊ ቆልዑ ክፉት እዮም
- ኩሎም ተምሃሮ መስከረም 1 ንቤት ትምህርቲ ክከዱ ክምዝክእሉ። ቤት ትምህርትካ ብዛዕባ ሓድሽ ትምህርቲ ዓመት ተወሳኪ ሓበሬታት ይህበካ

## አተባባዒ

እዚ መምሪሕታት ንናይ ኩሉ ሰብ ጥዕና ዝሕልው አድለይቲ እዮም:: ኩሉ ሰብ ከኽብሮም አለዎም::

የቐንየልና ከዓ እዚ ብምግባርካ:: ሓቢርና ነዚ ኮሮና ቫይረስ ክንዓግቶ ኢና::